## ተጋዳላይ ጀርማኖ ናቲ

## ‘ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዕንቅፋት ይኸውን ስለዘሎ፡ እዚ ጸገም’ዚ ሕጂ ንእለዮ።’

ከምዝፍለጥ ሃገርና ኤርትራ ከም ትጽቢት ህልዋትን ሕድሪ ስውኣትን ዘይኮነስ ኩነታታ በንጻሩ ኮይኑ እናንቆልቆለን ካብ ዕለት ናብ ዕለት ነገራት እናጋሕመጡን ዘይጹፍፍን ዘይትካላዊ ኣሰራርሓ እናዓብለላ እያ ክትከይድ ጸኒሓን ትኸይድ ዘላን። ነዚ ኣዝዩ ኣሰካፊ ጉዳይ ከይሳዕረረ ብእዋኑ ብምግንዛብ እዩ ካኣ ሓርበኛ ተጋዳላይ ጀርማኖ ናቲ ብቅሉዕ፡ ስልጣን ናብ ህዝቢ ንኽሰጋገር ዝጠለበ።ንሱ ሓደ ካብቶም ስልጣን ናይ ህዝቢ ምኻኑ ዝኣምኑን ንዝኣተውዋ መብጽዓ ከተግብሩ ለይትን ቀትርን ከይተሓለሉ ዝሰርሑ ሓርበኛታት እዩ፡

ተጋዳላይ ጀርማኖ ናቲ ኣብ 1976ዓ.ም ንሜዳ ተሰለፈ። ካብ 1978 ክሳብ 1981ዓ.ም ኣብ ክፍሊ ፖለቲካውን ምንቅቓሕ ትምህርትን ባህልን ኣብ ጨንፈር መጽናዕቲ ተመዲቡ ኣብኡ ንዝካየድ ዝነበረ ንፖለቲካዊ መጽናዕትታት ምድላው ጽሑፋትን ዝምልከት ዕማም ተዋፊሩ ኣገልገለ። ብፍላይ ድማ ብቋንቋ ኩናማ ዝዳሎ ዝነበረ ጽሑፋት ኣብ ምድላው እጃሙን ግቡኡን ብተወፋይነት ዘበርከተ ዜጋ እዩ። ዋላ እኳ ከምቲ ዝድለ ዕድል ትምህርቲ እንተዘይረኸበ እቲ ዝነበሮ ትምህርቱ ብቛንቛ ጥልያን ዝተማህሮ ብምንባሩ ጹቡቅ ምልከት ቋንቋ ጥልያን ስለዝነበሮ ካብኡ ዝድለ ጠለባት ንኽማልእ ዕንቅፋት ኣይነበሮን። ተጋዳላይ ጀርማኖ ነቲ “ካብ ምህሮ ኣእምሮ ዝብል” ቢሂል ጹቡቅ ኣብነት ዝኾነ በሊሕን መስተውዓሊን እዩ።

ተጋዳላይ ጀርማኖ ኣብ 80ታት ኣብ ጋሽ ባርካ ከባቢ ባረንቱ ሓላፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኮይኑ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ድብያታት ጻላኢ እናሰገረ ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ምንቅቓሕን ተዋፊሩ ከም ተራን ሓላፍን ኮይኑ ብልዑል ደረጃ ዝተጋደለ ካድር እዩ።ንሱ ኣብ ብዙሕ ሰውራ ዝጠልቦ ስራሓት ኣብነት ኮይኑ ዝተጋደለ ሓርበኛ እዩ። ካብቲ ኣዝዩ ኣብ ሰውራ ዘይርሳዕ ኣበርክትኡ ንምጥቃስ ዝኣክል ግን ተወላዲ ብሄረ ኩናማ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ምፍሻል ነቲ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ዘካይድዎ ዝነበሩ ፈላላይ ፕሮፖጋንዳ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ እዩ። ንሱ ነቲ ፈላላይ ፕሮፖጋንዳ ኣብ ምፍሻልን ዕላማታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምብራህን ብኡ ኣቢሉ ካኣ ተሳታፍነት ህዝቢ ኩናማ ኣብ ቃልሲ ኣብ ምዕዛዝን ተቃሊሱ ዘቃለሰን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ጀርማኖ በቲ ፍሉይ ኣኽብሮቱን ልዑል ዓቅሙን ኣብ ናይ ምምሕዳር ስርሑ ቡዙሕ ክርሳዕ ዘይክኣል ኣበርክቶታት ዝገበረ እዩ። ካብቲ ኣብ ሓድነት ዝነበሮ ጹኑዕ እምነትን ተሪር መርገጽን ንዝተፈላለዩ ብሄራት ኣብ ምትሕቁቃፍን ሓልዩቱ ኣብ ምርኣይን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረን ኣብነት ዝኮንነ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ጀርማኖ ኣብቲ ኣብ 1994 ዝተጋብኤ ውድባዊ ጉባኤ ሃገራዊ ባይቶ ማእከላይ ባይቶ ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት ኮይኑ ተመሪጹ። ከም መቀጸልታ ናይ ገድሊ ስራሓቱ ካኣ ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ሰቲት ኮይኑ ስርሑ ቀጸለ።

ኣብ ኩሉ ዝተዋህቦ ሓላፍነታት ብእምነትን ሕድሪን እናሰርሐ ከሎ እዩ እምባኣር ኩነታት ሃገር ኣንፈቱ ምቅያሩ ዘስተውዓለ። ካብዚ ብምብጋስ እዩ እምባኣር እቲ ሕድሪ ዝኣተወሉ መብጽዓ ስውኣት እናተጎሰየን እቲ ስለ ሓድነትን ፍትሕን ህዝቢ ኢሉ ከርተት ዝበለሉ ዕላማ ኣንፈቱ እናሰሓተ ትም ክብል ዘይመረጸ። ከም መርኣያ ሓልዮቱ ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ዝተራእየ ሕጽረትን ድኻምን ክእርም ዝተበገሰ። እዚ ድኻም እዚ ሳዕቤን ናይ ብዘይ ሕገ መንግስቲ ምስራሕን ተሓታትነት ዘይብሉ ኣሰራርሓን ኢዩ ካብ ዝብል እምነቱ ተበጊሱ ንምእራምን ጠለብ ኣኼባ ንምምላእ ካብ ዝፈረሙ ኣባላት ባይቶ ተሪሩ ቃሉ ዘይዓጸፈ ሓርበኛ ተጋዳላይ እዩ።

ጀርማኖ፡ እቲ ዝኸሰት ዝነበረ ብዘይ ወዓል ሕደር ሕጂ ንእለዮ ዝበለ ተባዕ ተጋዳላይ'ዩ። ንሱ

- ሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት ግንባርን መንግስትን ብምዱብ ኣኼባታቶም ከየካይዱ፡
- ግንባርን ሓፋሽ ህዝብን ድማ ብናጻን ቅኑዕን መድረኻት ከይካትዑን፡ ከሎ ጌና ንጥፈታቶም ከይግምግሙን፡

ግንባራውን መንግስታውን መሰጋገሪ ቅዋማትን ውሳኔታትን ባይቶታቶምን ብምጥሓስ፡ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ይዕንቅፍ ስለ ዘሎ፡ 'እዚ ጸገም እዚ ሕጂ ንእለዮ' ኢሉ ተባዕ ሓላፍነታዊ ጉቡኡ ዝሓተተ ጅግና እዩ።

እምባኣር ከምዞም መንደላሓቅቲ ሰብ ግዜን ጠለምቲ ሕድሪ ውልቃውነት ከየጥቅዖ፡ ነብሰይ ይጥዓመኒ ከይበለ እዩ ሕቶ ሓፋሽ ዘልዓለ። እቲ መለለዪ ህዝቢ ኩናማ ዝኮነ ደሞክራሲያዊ ባህሊ እንዳ ሃሰሰ ክርኢን ክጻወሮ ኣይካኣለን። ቀደምውን ካብ 70ታት ኣትሒዙ ሕልሙን ራኢኡን ልዕልና ሕጊ ዝነግሰላን ሓድነትን ማዕርነትን ህዝቢ ዝመለለይኣ ሃገር ንምውሓስ እዩ ንነዊሕ ዓመታት ከርተት ዝበለን ዕድመ ንእስነቱ ዘብለየን። ጀርማኖ ኣብነት ሓቅን ርትዕን ዝኾነ ሓርበኛ ተጋዳላይ እዩ። እዚ ንጹህ ኤርትራዊ ሕልና ዝመለለይኡ ሓርበኛ እዩ እምባኣር ኣብ ጎዳጉዲ ተሓይሩ ሓቂ ንኽይትወጽእ ልሳኑ ተዓጺዩ ዝርከብ ዘሎ። ግን ጀርማኖ እቲ ዝግብኦ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ዝፈጸመን ካብኡ ዝጥለብ ዘማልኤ ጅግና ሓርበኝነት እዩ። ኣብ ታሪክ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ታሪክ ቃልሲ ንዲሞክራሲውን ዝልዓለ ቦታ ዝወሃቦ ካብቶም ውሑዳት ደቂ ህዝቢ ኮይኑ ክዝከር ክነብር እዩ።

ተጋዳላይ ጀርማኖ ናቲ፡ ሕልንኡ ቀሲኑሉ ስጋዊ ስቓይ ዝጻወር ዘሎ ሓርበኛ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ንጀርማኖ ናትን ብጾትን ስለዝጠለመ ኣብ ስጋዊን መንፈሳዊን ስቃይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኣደዳ መግዛእትን መግረፍትን ስደትን፡ መቅዘፍትን ይርከብ ኣሎ። ጀርማኖ ስግኡ እምበር መልእክቱን ሓሳባቱን ኣይተቀየደን። እቲ ንሱ ዘልዓሎ ሕቶ ካብ ማዓልቲ ናብ ማዓልቲ እንዳተኮለዐ ይከየድን ህዝቢ ድማ እቲ ሓቂ በሪህሉ ክምክትን ጀሚሩ ኣሎ። መንእሰያት የሕዋቱ ኣርምኡ ኣልዒሎም ኣበየ ቦትኡ ክቃወሙን ሕድሪ ጀርማኖ፡ ንኮንቱ ከምዘይኮነ ዘመስክሩሉ እዋን ሓጺር ኣይኮነን። እቲ ብትዕቢት ተወጢሩ ኣብ እንግድዓ ህዝቢ ቸቸ ዝብል ዘሎ ግናይ ስርዓት ድማ ብማዕበላዊ ናህሪ ህዝቢ ዘኽትመሉ ግዜ ኣኺሉ'